## ጸዋዒት ሰላም ኢትዮጵያ
## ን ህ.ግ.ደ.ፍ እንታይ'ዩ ትርጉሙ ?

ጸዋዒት ሰላም ኢትዮጵያ ንህ.ግ.ደ.ፍ ቅጽበታዊ ውድቐት እዩ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ካብ'ቲ ታሪኽ ዝሓቶም፡ ዝተኣተውዎ መብጽዓ ሰላም ውዕል ኣልጀርስ፡ ታሪኽውዊ ብይን ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ካብ መስመር ተኣሊዮም ምጽንሖም ሎሚ ድሕሪ ክልተ ዓመትን መንፈቕን እወ ንቕበል ምባሎም ምስክር እዩ። ግን ግን ንሰላም ብሰላም ንምምጻእ እቲ ነዊሕ ጉዕዞ ዝዓቀቦ ሂወት ኩልቲኡ ኣህዛብ ከም ዓቢ ጸጋ ምቕባሉ ክከኣል ኣለዎ።

ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ክልተ ዓመት ህዝቢ ኤርትራ ጎረባብት መሓዙት ሃገራት፡ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃን፡ ውድብ ኣሕጉራዊ ሕብረተ ሰብ ዓለም ኩሉ በብወገኑ ነቐፌትኡን ምሕጽንትኡን ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ከቕርብ ጸኒሑ እዩ። እዚ ጸዋዒት ድማ ንነዊሕ እዋን ሰማዒ እዝኒ ስኢኑ።

ሎሚ ድማ ኣብ መወዳእትኡ እቲ ቀድማይ ስጉምቲ ድሌት ምቕባል ኮይኑ ምምጽኡ እንቛዕ ደሃን መጸ ክበሃለሉ ዘለዎ እዩ። ነዚ ግን ብመትከልን እምነትን ቅንዕናን ዝሰርሕሉ ኣለዉ። ልዕሊ ኩሉ ድማ ንኽብሪ ሃገሮም ሂወቶም ዝኸፈልሉ ዜጋት ኣለዉ።

እዚ ሰላማዊ ጸዋዒት ምቕባል ብይን ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ንህ.ግ.ደ.ፍ ውድቐት ከም ዘምጽኣሉ እንሆ ብእዋኑ ተፈሊጡስ፡ ነቲ መንስግቲ ኤርትራ ንክልተ ዓመት መመላእታ ከም ዘየተዛረበሉ፡ ሎሚ ኣርባዕተ ነጥቢ ቅድመ ኩነት እቲ ሰላም ብምቕራብ ኢትዮጵያ ኣብ ዲፕሎማስያዊ ምሕዝነትን፡ ግዜ ንምኽሳብ ትገብሮ ዘላ'ዩ ብማለት ብ 25 ጥቅምቲ 2004 መግለጺ ካብ ሓበሬታ ሚኒስተር ኤርትራ ጋዜጣዊ ዋዕላ ተገይርሉ።

መንግስቲ ኤርትራ እቲ ዘገድሶ ጉዳይ እቲ ምስ ኢትዮጵያ ኣብ ኣልጀርስ ዝኣተዎ ውዕልን፡ በቲ ውዕል መሰረት ድማ ዝተዋህበ ፍርድን እዩ ብቀዳምነት ክዛረበሉ ዝግብኦን ጥራሕ እዩ ። ካልእ ኤርትራ ብውዕል ዘይተሓተተ ክምልስ ኣይግብኦን'ዩ። ምስ ተሓተተ ድማ ቅድም ተኸቲሉ መልሲ ክህብ ይግባእ።

ኣብ'ዚ ቀንዲ ጉዳይ እቲ ምቕባል ዝብል እዩ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ግዜ ወሲዱ ነቲ ጉዳይ ተቐቢለዮ ኣለኹ ክብል እንከሎ። ኣስዒቡ ኣብ መንጎ ክልተ ሃገራት ዝርርብ ክግበር ኣለዎ ይብል።

በዚ መሰረት ድማ መንግስቲ ኤርትራ ነቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ተቐቢለዮ ኣለኹ ዝበሎ ነጥቢ ሒዙ፡ ብዛዕባ እቲ ቀጻሊ ጉዳይ ፍሉይ ዝበለ መግለጽን ሓሳብን ከቕርበሉ'ዩ ዝግባእ ዝነበረ። እዚ ማለት ድማ ነቲ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ስዒቡ ዝቀረበ ሓሳብ ዘተ ዝብል ብሕጽር ዝበለ ህ.ግ.ደ.ፍ ይቕበሎ ወይ ኣይቅበሎን ክብል ይግበኦ። ምኽንያቱ እቲ ሓሳብ ኣብ ስምምዕ ብዘይምንምባሩ ብድሌት ክልቲኤን ሃገራት ንስለ ዝፍጸም።

ኣብ ውሽጢ ህ.ግ.ደ.ፍ ዘሎ ፍርሒ ግን መዘና የብሉን። ምኽንያቱ እዚ ጉዳይ ዶብ ኣብ ምፍትሑ እንዳተቓረበ ኣብ ዝኸደሉ ህ.ግ.ደ.ፍ ዝኣተዎም መብጽዓታት ግድነት ክትገብር ንስለ ዘለዎ፡ እዚ ሕጂ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ብፍጹም ክስረዝ ስለ ዝኾነ ፈትዩ ጸሊኡ እተን ጉዳይ ኣብ ባይቶ ክወጻ ወይ ህ.ግ.ደ.ፍ ክወጽእ ንስለ ዘለዎ ስለ ዝገብር፡

ቅድም ቀዳድም ጉዳይ ቅዋም
ኣባልት ሃገራዊ ኣገልግሎት ምጥያስ

ምስ እቲ ህ.ግ.ደ.ፍ ይኸውነኒ እዩ ቢሉ ዝነደፎ ቅዋም ምእዋጅ ተታሓሒዙ ዝመጽእ ህ.ግ.ደ.ፍ ዝኣተዎ መብጽዓታት እዚ ዘይብሃል፡ ህ.ግ.ደ.ፍ ዘይከላኸሎ ጋሻ ውሕጅ ስለ ዘሎ፡
ካልኣይ ኣብ መላእ ኤርትራ ዘሎ መንእሰይ ብጸውዒት ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ትሕቲ ፍጹም ቁጽጽር ህ.ግ.ደ.ፍ ስለ ዝጸንሐ መንግስቲ ኢ.ትዮጵያ ንሰላም ጸዊዑ ነዚ መንእሰይ ገዛኻ፡ ንስራሕካ ትምህርትኻ ኪድ ክብሎ ስለ ዘይክእል ዓብይ ብድሆ'ዩ ኮይንዎ ዘሎ።

ስለ'ዚ ህ,ግ,ደ,ፍ ነዚ መንግስቲ ኢ.ትዮጵያ ተቐቢለዮ ኣለኹ ንኽብል ጥራሕ ክንደይ ሃገራውን ኣህጉራውን ዲፕሎማሲያውን ቃልስታት ዝተኻየደሉ ንምንእኣስን ዋጋ ዘይብሉ ንምቕኣር ነተን ኣርባዕተ ነጥቢ. ቅድም ከቐምጥ ምግዳዱ ነቲ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ዝጽበዮ ዘሎ ሰላም ንምምጻእ ክተሓባበር ዘይምድላዩ የመስክር ኣሎ።

ሰላም ዘይመጽእ መሲልዎ ዝኣተዎ መብጽዓታት ድማ ንኽትግብሮ ሕልንኡ ስለ ዘይፈቕደሉ ሎሚ ክንዮ እቲ ተጸባዪ ሰላም ዝኾነ ህዝቢ ኤርትራን ውድባቱን ህ.ግ.ደ.ፍ ንምእንቲ ክነብር ዅናት ዝሓልምን ዅናት ዝደልን ኣብ ጽላሎት ዅናት ክነብርን ዝደሊ እዩ።

መንግስቲ ኢ.ትዮጵያ እቲ ታሪኽ ዝጠልቦም ሓላፍነት ክወስዱን ነዚ ጉዳይ ሰላምን ነባሪ ክኸውን ዝሕተትሉ ዘለዉ እዋን፡ ንህ.ግ.ደ.ፍ ኣብ ስልጣን ንምንባር ካብ ምድግጋፍ ወጺኦም ድሌት ህዝቢ ኤርትራ ህዝቢ ኢ.ትዮጵያን ክመርጹ ልዑል ተደላይነት ኣለዎ።

ህ.ግ.ደ.ፍ ኣብ 'ዚ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ኣብ ወታሃደራት ምምልማልን ምስልጣን ዘውዓሎ፡ ገንዘብ ንብረትን ህዝቢ፡ ማዕረ'ቲ ብዝሒ መንእሰይ ኣብ ታዕሊም ሳዋ ዘሎ ተመሪቑ ዝወጸን'ዩ። በዚ ገምጋም ድማ ህ.ግ.ደ.ፍ ንሰላም ዘለዎ ኣጠማምታ ድምር'ቲ ንህዝቢ ዘመሓላልፎ መዓልታዊ ተልእኾታት ካብ ወረ ዅናት ክይተገላገለ ስልጣን ንምንዋሕ እዩ።

ግን ህ.ግ.ደ.ፍ ዋላ ኢ.ትዮጵያን ሱዳንን ኣይንዋጋእን እንተበሉ ምስ ህዝቢ ከም ዝዋጋእ'ውን ጉዳይ ዓዲ ኣበይቶ ዓብይ ምልክት ታሪኽ ሓዲት ሓሊፉ ኣሎ። ስለ'ዚ ኢ.ትዮጵያ ንሰላም ምቕባሎም ንህ.ግ.ደ.ፍ ዘይምቕባል እዩ። ስለ ዝኾነ ድማ ኣብ ክንዲ ዲፕሎማሲያዊ ጸቕጥታት ክቅጽል ምጽዓር፡ ኢ.ትዮጵያ ሓሰዮም'ዮም ክብሉ ዝርከቡ። እዚ ድማ ህዝቢ ንምድሃልን ህዝቢ ንምትላልን፡ ህዝቢ ክሽቑረርን ንምግባር እዩ።

ካብኡ ሓሊፉ ግን መንግስቲ ኢ.ትዮጵያ ካብ'ዚ ሕጂ ወሲዶሞ ዘለዉ መርገጽ ሰላም ወጻኢ ጉዳይ ዅናትን ወረራ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኮይኑ ምስ ዝመጽእ፡ እቲ ጉዳይ ንህ.ግ.ደ.ፍ ጥራሕ ዝምልከት ኣይኮነን።

ምእንቲ'ዚ ህ.ግ.ደ.ፍ ልዕሊ ኩሉ ተሓላቒ ክኸውንን፡ ዓለም ንመርገጽ ኢ.ትዮጵያ ብኣውንታዊ እንዳተቐበለ ህ.ግ.ደ.ፍ ብኣሉታ ክቅበሎ ኣይግባእን። እዚ ድማ ኣብ'ቲ ጉዳይ ናይ ግንቦት 1998 ክመልሰና ዝኽእል ተሃውሲ መደናጋሪ መድረኽ ክኸውን ይኽእል'ዩ።

ህ.ግ.ደ.ፍ ኣብ'ዚ ጉዳይ ሓንቲ ሓቂ ዝተዛረብዋ፡ ዝምድናታት ንምኽሳብ ትብል ሓረግ እያ።
ኣብ'ዚ ዘሎና መዋእል ሓደ መሓዛ ንምጥራይን ዝምድናታት ንምድልዳል ቀሊል ጻዕሪ ዝሓትት ስራሕ ኣይኮነን። ምእንቲ'ዚ ኢ.ትዮጵያ ንዓለም ከደናግሩ እንተኽኢሎም

ህ.ግ.ደ.ፍ ከም ዝወድኞ ፍሉጥ እዩ። ምእንቲ'ዚ ህ.ግ.ደ.ፍ ቅድሚ ኮፍ ቢሉ ኢትዮጵያ ዲፕሎማሲያዊ መኽሰብ ንምርካብ'ዩ ካብ ምባል፡ ባዕሎም ነቲ ባይታ ዝምድናታት ኣህጉራዊ ክፍለ ዓለም ክዘምትዎን ኣቃልቦ ዓለም ክስሕቡ ይግበኦም።ግን ህ.ግ.ደ.ፍ ነዚ ክገብርሉ ዝኽእሉ ባይታ ነይርዎም ክነሱ በቲ ዘይክወል ተግባራቶም፡ ኣብ ጭውያ፡ መቕተልቲ ንጹሃት ዝተወፈረ ሓይሎንምን፡ ቅዋምን ፍትሓዊ ፍርዲ ዘይብላ ሃገር ነቲ ዲፕሎማሲያዊ ባይታ ዋላ እንተደለይዎ ዘይርሓው ማዕጾ ኮይንዎም ኣሎ። ኣብ ዝኸድዎ ሃገር ድማ ክኽሰሱን ኣምባሳድራቶም ብተደጋግሚ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ንዝፍጽም ዘይሰብኣዊ ተግባራት መግልጺ ክህቡ  ንቤት ጽሕፈት ወጻኢ ጉዳያት ተጸዊዖም ከም ዝመጹ ይግበር ኣሎ። ነዚ ሕቶ ዝህብሉ መልሲ ድማ ንመንግስትና ክንሓትት'ና ዝብል ጥራሕ እዩ።

ምስ'ቲ ንኤርትራ ብፍላይ ንህ.ግ.ደ.ፍ ዘተኮረ ትሪ ነቀፌታ ኣህጉራዊ ሕብረተ ሰብ ዓለም፡ ምስ'ዚ ኢትዮጵያ ወሲዶሞ ዘለዉ መርገጽ ንህ.ግ.ደ.ፍ ዓብይ ሃጓፍ ፈጢርሎም ስለ ዘሎ ንምዕራዩ ከቢድ ስለ ዝኾነ ህ.ግ.ደ.ፍ ካብ ምቕባሎ ብሓጺሩ ምንጻግ ከም ዝመርጹ ድሮ ኣብ ኣበሃህልኦም ተነጺሩ ኣሎ።

ሰላምን ፍትሕን ይንገስ

26 ጥቅምቲ 2004

ኣንቶንዮ ተስፋይ